# ሕማም ካንዲዳ ኦሪስ (*Candida auris*) ንዝሓዞም ሰባት ዝኸውን ሓበሬታ

**እዚ ሓበሬታ እዚ እተዋህበካ፡ ካንዲዳ ኦሪስ ዝብሃል ሕማም ስለ እተረኽበካ እዩ። ኣብዚ ናይ ሓበሬታ ጽሑፍ እዚ፡ ሕማም ካንዲዳ ኦሪስ እንታይ ምዃኑ ኸምኡውን ንዓኻ ብኸመይ ከም ዝጸልወካ ዝያዳ ሓበሬታ ክትረክብ ኢኻ።**

## ካንዲዳ ኦሪስ እንታይ እዩ፧

ካንዲዳ ኦሪስ ኣብ ቈርበት፡ ሓድሓደ ግዜ ድማ ኣብ ኣፍንጫ ወይ ካልእ ክፍሊ ኣካላትና ክርከብ ዝኽእል ፋንጋስ እዩ። ንረኽሲ ፋንጋስ ንምፍዋስ ዝውዕሉ መድሃኒታት ዝጻወር (ከሕውዮ ዘይክእል) ክኸውን ይኽእል። ሕማም ከይተሰምዓካ ወይ ናይ ሕማም ምልክት ዘይብልካ ክነስኻ፡ ኣብ ቈርበትካ ወይ ኣብ ልፋጫዊ ሸፋንካ ካንዲዳ ኦሪስ ክህልወካ ይኽእል እዩ። እዚ ድማ **ተሰካሚ**ሕማም ካንዲዳ ኦሪስ ንብሎ። እቲ ባክተሪያ ብመጀመርታ ብረኽሲ ኣቢሉ ኣባኻ እንተ ተረኺቡ እውን ተሰካሚ ሕማም ካንዲዳ ኦሪስ ተባሂልካ ኢኻ እትጽዋዕ።

ካንዲዳ ኦሪስ ከም ኣብ ከብዲ ወይ ኣብ ሰራውር ደም ዝኣመሰሉ ረኽስታት ከስዕብ ይኽእል እዩ፣ ካልኦት ረኽስታት እውን ከጋጥሙ ይኽእሉ እዮም። ምጽዓንን ረኽስን ካንዲዳ ኦሪስ ብቐንዱ ኣብ ሕማም ዘለዎም ሕሙማት፡ ኣብ ጥዑያት ውልቀሰባት ድማ ውሑድ እዩ። ሓደ ሰብ ተሰካሚ እቲ ሕማምን ረኽሲ ካንዲዳ ኦሪስን ከም ዘለዎ ዝፍለጥ ምስ ሓመመ እዩ፣ ሳሕቲ ግና ኣብ ጥዑያት ውልቀ ሰባት ከም ዘለዎም ይፍለጥ እዩ።

## ተሰካሚ ካንዲዳ ኦሪስ ምዃን ሓደገኛ ድዩ፧

ረኽሲ ዘየስዕብ ካንዲዳ ኦሪስ ክሕዘካ ንባዕሉ ሓደገኛ ኣይኮነን፣ ተሰካሚ ስለ ዝኾንካ ድማ ሕክምና ኣድላዪ ማለት ኣይኮነን። ይኹን እምበር፡ ብካንዲዳ ኦሪስ ረኽሲ እንተ ኣጋጢሙካ፡ እዚ ረኽሲ እዚ ካብ ካልኦት ረኽስታት ፋንጋስ ንላዕሊ ንምፍዋሱ ኣጸጋሚ ክኸውን ይኽእል እዩ።

## ተሰካሚ ካንዲዳ ኦሪስ ምዃን ሓደገኛ ድዩ፧

ካንዲዳ ኦሪስ ኣብ ቈርበት ዝርከብ ኰይኑ ምስ ካልኦት ሰባትብቐጥታ ብምርኻብ ክመሓላለፍ ይኽእል እዩ ብተወሳኺ ኣብ ናውትን ጽፍሕታትን ንነዊሕ እዋን ክነብር ይኽእል እዩ፣ ካልኦት ድማ ብዝግባእ ብዘይጸረየ ናውቲ ወይ ጽፍሕታት ኣቢሎም ክልከፉ ይኽእሉ።

## ንኻልኦት ናይ ምልካፍ ሓደጋ ንምንካይ እንታይ ክገብር እኽእል፧

- ኢድካ ብማይን ሳሙናን ብዝግባእ ተሓጸብ፦
  - ቅድሚ ምግቢ ምስራሕካ ወይ ቅድሚ ምብላዕካ
  - ሽቓቕ ምስ ተጠቐምካ
  - ካብ ሰብነት ዝወጽእ ፈሳሲ ምስ ተንከፍካ፡ ንኣብነት ኣፍንጫኻ ፊጥ ምስ በልካ
  - ኣእዳውካ ምስ ዝረስሕ
  - ናብ ሆስፒታል፡ መንበሪ ኣረጋውያን ወይ ናብ ካልኦት ማእከላት ኣገልግሎት ጥዕና ቅድሚ ምኻድካን ድሕሪ ምምላስካን
- ቍስልታት፡ እተሰንጠቐ ቈርበትን ዝፈስስ ነገር ዘለዎ ቍስልታትን ብጽሬት ሓዞ፣ ብፋሻ ወይ ብፕላስተር ጌርካ ድማ ሽፍኖ።
- መላጸ ወይ ሽጎማኖ ምስ ካልኦት ብሓባር ኣይትጠቐም
- እቲ ኽዳውንትኻ ኽጸወሮ ዝኽእል እንተኾይኑ፡ ንብታንትኻን ሽጎማኖታትካን ኣንሶላታትካ ብ90 ዲግሪ ሴንቲ ግሬድ ሕጸቦ።
- ገዛኻ ኽተጽሪ ኸለኻ፡ ለዓት (መትሓዚ) ማዕጾታትን ኣርማድዮታትን ካልእ ጽፍሕታትን እውን ኣጽርዮም።

## ተሰካሚ ሕማም ካንዲዳ ኦሪስ እንተኾይነ፡ ናብ መዋእለ ሕጻናት፡ ቤት ትምህርቲ ወይ ስራሕ ክኸይድ እኽእልዶ፧

እወ፡ ዋላ እውን ተሰካሚ ካንዲዳ ኦሪስእንተ ኾንካ፡ ከምቲ ልሙድ ናብ ስራሕ ክትከይድ ትኽእል ኢኻ። ተሰከምቲ ካንዲዳ ኦሪስ ዝኾኑ ቈልዑ ናብ መዋእለ ሕጻናት ወይ ቤት ትምህርቲ ክኸዱን ከም ልማዶም ኣብ ጸወታን ናይ መዘናግዒ ንጥፈታት ክሳተፉን ይኽእሉ እዮም።

ዋላ ተሰካሚ ካንዲዳ ኦሪስ እንተ ኾንካ እውን ከም ልሙድ ናብ ስራሕ ክትከይድ ትኽእል ኢኻ። ንኻልኦት ናይ ምምሕልላፍ ሓደጋ ንምንካይ ግን ነቲ ኣብ ላዕሊ እተገልጸ ምኽሪ ክትስዕብ ኣሎካ።

## ተሰካሚ ሕማም ካንዲዳ ኦሪስ ምዃነይ ንመን ክነግሮ ኣለኒ፧

ኣገልግሎት ሕክምና ክትረክብ ከለኻ፡ ንኣብነት ናብ ሓኪም ክትከይድ ከለኻ ወይ ኣብ ሆስፒታል ወይ መንበሪ ኣረጋውያን ክትከይድ ከለኻ ተሰካሚ ሕማም ካንዲዳ ኦሪስ ምዃንካ ሓብር። እቲ ተሰካሚ ሕማም ካንዲዳ ኦሪስ ምዃንካ ዝገልጽ ሓበሬታ ኣብ ናይ ሕሙማት ሕክምናዊ መዝገብ እውን ይመዝገብ እዩ። እዚ ድማ ሰብ ሞያ ጥዕና ነቲ ሕማም ንኸይላባዕ ንምክልኻል ከምኡውን ረኽሲ እንተ ኣስዒቡልካ ቅኑዕ ዓይነት ፈውሲ ክህቡኻ ይሕግዞም።

መጻምድትኻ ወይ ምሳኻ ዝነብር ሰብ ሕክምናዊ ሓገዝ ክረክብ ናብ ኣገልግሎት ጥዕና ክኸይድ ከሎ፡ መጻምድቶም ተሰካሚ ካንዲዳ ኦሪስ ከም ዝኾነ ወይ ተሰካሚ ሚርሳ ምስ ዝኾነ ሰብ ከም ዝነብር ክሕብር ኣለዎ። ንኣስራሒኻ፡ ንመሳርሕትኻ፡ ንኣዕሩኽትኻ፡ ንቤት ትምህርቲ ወይ ንመዋእለ ሕጻናት ተሰካሚ ካንዲዳ ኦሪስ ምዃንካ ምሕባር ኣየድልየካን እዩ።

## ኣብ ሆስፒታል ወይ መንበሪ ኣረጋውያን ምስ ሕሙማት ክኸውን እንተ ኣትየኸ እንታይ ክገብር፧

ተሰካሚ ካንዲዳ ኦሪስ እንተ ኟንካ እሞ፡ ናብ ሆስፒታል ወይ መንበሪ ኣረጋውያን ክትኣቱ ኣድላዪ እንተኾይኑ፡ ነቲ ሕማም ናብ ካልኦት ናይ ምምሕልላፍ ሓደጋ ንምንካይ ዝሕግዝ ስጉምትታት ምውሳድ ኣድላዪ ክኸውን ይኽእል እዩ። እቲ ዝውሰድ ዓይነት ስጉምትታት ከከም ኩነታት ይፈላለ እዩ። ንኣብነት፡-

- ናይ ውልቂ ሽቓቕ ዘለዎ ናይ ውልቂ ክፍሊ ምርካብ
- ሰብ ሞያ ጥዕና ከም ጓንቲ፡ ናይ ሕክምና በጃ ኽዳን፡ ናይ ኣፍን ኣፍንጫን መሸፈኒ ማስክ ዝኣመሰለ ምጥቃም
- ክፍልኻን ናውትን ብተደጋጋሚ ምጽራይ
- ኣብ ሆስፒታል ምውሻብ (ምንጻል) ኣድላዪ ክኸውን ይኽእል እዩ። እዚ ማለት ድማ ካብቲ ናይ ሕክምና ክፍልኻ ከይትወጽእ፡ ናይ ሓባር በታታት ከይትጥቀም ወይ ምስ ካልኦት ሕሙማት ብቐረባ ኸይትራኸብ ክንገረካ ይኽእል እዩ።

ኣብ ካልኦት በታታት ሕክምናዊ ሓገዝ ክትረክብ ከለኻ እውን ናይ ለብዒ መከላኸሊ ስጉምትታት ክውሰድ ከድሊ ይኽእል እዩ። ዋላ እኳ ናይ ለብዒ መከላኸሊ ስጉምትታት ክውሰድ ዘድሊ እንተኾነ እውን፡ ከም ካልኦት ሕሙማት ሕክምናዊ ሓገዝ ናይ ምርካብ መሰል ኣለካ።

## ካብ ካንዲዳ ኦሪስ ምሉእ ብምሉእ ክሓዊ እኽእልዶ፧

ተሰካሚ ሕማም ካንዲዳ ኦሪስ ካብ ምኟን ምሉእ ብምሉእ ክትሓዊ ክገብረካ ዝኽእል ሕክምና የለን። ኣብ ገለ ሰባት፡ እቲ ፋንጋስ ድሕሪ ኣዋርሕ ወይ ዓመታት ክጠፍእ ተኽእሎ ኣሎ። ይኹን እምበር፡ ደጊም ተሰካሚ ካንዲዳ ኦሪስ ከም ዘይኰንካ ብርግጽ ንምፍላጥ ብናሙና ተመሪምርካ ክፍለጥ ኣይክእልን እዩ። ስለዚ፡ መብዛሕትኡ ግዜ ናይ ቊጽጽር መርመራታት ክግበር ኣይምከርን እዩ።

ብዛዕባ ካንዲዳ ኦሪስ ዝኾነ ሕቶታት እንተሃሊዩካ ምስ ሓኪምካ ተዘራረብ።